በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

## ቅ. ማርያም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ በይ ኤርያ

**St. Mary Eritrean Orthodox Church Bay Area**

**2500 Hansen Rd Hayward, CA 94541 Phone 510-593-3819**

**“... ቃል መስቀል ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት እዩ፡ ንኣና ነቶም እንድሕን ግና ኃይሊ ኣምላኽ እዩ።”**
**1ቆረ 1፡18።**

ናብ ምእመናንን ህዝበ ክርስቲያንን ብሩኽ በዓል መስቀል ኪገብረልና እንዳተመነና። ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስን ንወዲ ሰብ ዘሎዎ ፍቕሪ ብግብሪ ዝገለጸሉ መስቀል፡ ንኹሉ ክርስትያን ምስ መንነቱ ዝተኣሳሰር ረዚን ትርጉም እዩ ዘሎዎ። ጸላእቲ መስቀል ነቲ መሎኮታዊ ሓይሊ ዘንጊዮም፡ ነቲ ክርስቶስ ዝተሰቕለሉ መስቀል ብምቕባር ትርጉም ዓርቢ ስቕለትን ትንሣኤን ከጥፍኡ ሃቂኖም፡ ግን ኣይከኣሉን። ብመንገዲ ንግስቲ ኢለን እቲ ንዓመታት ተሰዊሩ ዝነበረ መስቀል ዝተረኽበሉ ዕለት ቤተክርስትያን **“መስቀል ኃይልነ፡ መስቀል ጽንዕነ፡ መስቀል ቤዛነ፡ መስቀል መድኃኒት ነፍስነ”** እናበለት ዓመት ዓመት ተኽብሮ ትነብር ኣላ።

ኣብ ቤተክርስትያን ቅ. ማርያም በይ ኤርያ ብምኽንያት ቅዱስ በዓል መስቀል ፍሉይ መደብ ተሰሪዑ ኣሎ። ትሕዝቶ መደብ ከኣ እዚ ዝስዕብ እዩ፦ ብኣገልገልቲ ቤተክርስትያን፡ ውሉደ ክህነት፡ ዝውሃብ መንፈሳዊ ሰሚናር፤ ብሞያውያን ደቂ ቤተክርስትያን ዝውሃብ ኣስተምህሮን ብክፍሊ ህንጻ ዝውሃብ ሓበሬታን ይሓቍፍ።

**ዕለት፦** **ቀዳም መስከረም** 27/2008
**ሰዓት፦** 5፡00 — 9፡00 **ድ. ቀ.**
**ቦታ፦** 390 27th St. Oakland, CA 94612
**ትሕዝቶ መደብ፦**

1. *መኽፈቲ ጸሎትን ምህለላን ብመራሕቲ ቤተክርስትያን*
2. *ናይ እንቛዕ ድሓን መጻእኩም መልእኽቲ ብኣቦ ወንበር ሰበኻ ጉባኤ፡ ኣቶ የዕብዮ ዘ/ኃይማኖት*
3. *ብሞያውያን ደቂ ቤተክርስትያን ዝቐርብ ኣስተምህሮ*
    - *ሀ. ሜላ ኣተሓሕዛ ገንዘብን ኣሰራርሓ ግብሪ/ቀረጽ ሃገረ ኣመሪካን ብወ/ሮ ታደሉ ተ/ማርያም*
    - *ለ. ምስ ምግዛእ ገዛ ዝተኣሳሰር ኣስተምህሮ (ሪል እስቴት) ብወ/ሮ ፍረወይኒ ገ/ህይወት*
4. *ብተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰንበት ዝቐርብ መዛሙር*
5. *መንፈሳዊ ሰሚናር **“በጊዜ ኣብዳን ኩኑ ጠቢባን”** ብውሉደ ክህነት*
6. *ድራር*
7. *ብኮ/ህንጻ ዝቀርብ መደብ*

ካብዛ ብብዙሕ ክፍኣትን ሓጢኣትን ትሳቐ ዘላ ዓለም ብሓይሊ መድኃኔ ዓለም፡ ብኣማላድነት ቅ. ድንግል ማርያምን ብጸሎት ቅዱሳንን፡ ካብ ኩሉ ክፉእ ምእንቲ ክንድሕን ኣብ እንገብሮ መንፈሳዊ ጉባኤታትን ሓበራዊ ጸሎትን ምህለላን ምስ ስድራ ቤትኩም ክትሳተፉ/ፋ ብስም ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንምሕጸን።

ብደሓን ምጹ!

ንብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና! ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።

ኣገልገልትን ምምሕዳር ሰባኻ ጉባኤን ቅ. ማርያም ቤተክርስትያን በይ ኤርያ።